ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ክልል ትግራይ ናይ ህንፃ መሳርሒ ኣቁሑት ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ ስለዝደሊ ንተወዳደርቲ ይዕድም

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሕዳር 24, 2008 (ልዕሊ 11 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 12, 2008 6:00 ደ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:10000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 12, 2008 6:00 ደ/ሰዓት
- መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ኮንስትራክሽን ጥረ ኣቁሑት/

ተጫረቲ ከማልእዎም ዝግባእ ረቋሒ ታት

- ናይዚ ዘበን ግብሪ መንግስቲ ዝከፈልኩም
- ፍቃድ ንግዲ ዘሐደስኩምን
- መለለዩ ቁፅሪ ከፈልቲ ግብሪ መረዳእታ ክተቅርቡ ትክእሉ
- ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝተመዝገብኩምን ናይ ወርሒ መስከረም 2008 ዓም ሒሳብ ዘፍለጥኩምሉ መረዳእታ ክተቅርቡ እትክእሉን
- መቅረባይነት ዝተመዝገበኩምን መረዳእታ ክተቅርቡ እትክእሉን
- መክበሪ ጨረታ ብሲፒኦ 10,000 ቅርሺ ክተትሕዙ እትክእሉ
- ሰነድ ጨረታ ብሸምዒ ብዝተዓሸገ ፖስታ ሓደ ዋናን ሓደ ቅዳሕን ንዚ ጨረታ ተባሂሉ ናብ ዝተዳለወ ሳንዱቅ ጨረታ ኣብ ደጋፊ ከይዲ ስረሕ ዕደጋ ቁፅሪ ቢሮ 42 አብ ናይ ስራሕ ሰዓት ምእታዉ ትክእሉ
- እቲ ጨረታ ካብ 24 ሕዳር 2008 ዓም ጀሚሩ ን 15ተ መዓልቲ አብ ኣየር ዝፀንሕ እንትከዉን 12 ታሕሳስ 2008 ዓም ሰዓት 3፡ 30 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 4 ፡00 ቅድሚ ቀትሪ ይክፈት
- ጨረታ ዝሰዓረ ትካል ብዝተዉሃቦ መዐቀኒ ረቋሒ መሰረት ዘቅርብን መወዳደሪ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ሓዊሱ ከቅርብ ይግባእ
- ኣብ መወዳደሪ ዋጋ ተወሳኪ እሴት ታክስ ከይሓወሰ ዘቅርብ ተጫራታይ ተወሳኪ እሴት ታክስ ከምዝሓወሰሉ ይዉሰዱ
- ተጫራታይ ብመዐቀኒ ረቋሒ መሰረት ጥራሕ ከቅርብ ዝክእል ኮይኑ መቅረባይ ትካል ብናይ ባዕሉ መጋዕዝያ ናብ ቢሮ ሓለወ ጥዕና ክልል ትግራይ ኣታዊ ይገብር
- ሰዓራይ ትካል ዉዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 15 መዓልቲ ኣታዊ ዝገብርን ዉሕስና ንዘድልዮም ኣቁሑት ድማ ዉሕስና ከቅርብ ዝክእል
- ነዚ ዝተዳለወ ሰነድ ጨረታ ካብ ከይዲ ስራሕ ዕደጋ ቁፅሪ ቢሮ 42 ዘይምለስ 30 ቅርሺ ብምክፋል ምዉሳድ ትክእሉ
- ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ኣብ ነፍስወከፍ ንብረት 20 ሚኢታዊ ክዉስክን ክንክን ይክእል እዩ
- ቢሮ ሓለዋ ጥዕና ዝሓሸ ኣመራፂ እንተረኪቡ እዚ ጨረታ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብቁፅሪ ስልኪ 0344400451 /0348409782 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle